# እታ መፍትሕ
# ኣብ ኢድና እያ ዘላ
# ንጠቐመላ ከይመረተት እንከላ

**ሳልሳይቲ ክፋል**

**ዶክቶር ያሲን ኣበራ**



*እዚ ክቡር ኢያና ወዶም ንፊተውራሪ ኣበራ መሓመድ ሓጎስ ናይ ቁጠባ ምሁርን ኣብ ናይ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ናይ ቁጠባ መምህር ዝነበረ እዩ።*

*ፊተውራሪ ኣበራ መሓመድ ሓጎስ ካብ እቶም ኣብ ዘመነ ባዕዳውያን ጸዓዱ ጣልያንን እንግሊዝን ኤርትራን ኤርትራውያን ዝመስረቱን ላዕላዋይ ሽማግለ ምስ በዓል ራእሲ ተሰማ ኣስበሮም ዝነበሩ፣ ኣብ ምትሕግጋዝ ምስራሕ ቤትክርስትያን እንዳማርያም ከኣ ብተወፋይነቶም ልዑል ተራ ዝነበሮም እዮም።*

*ታሪኻዊ ኣቦ ሸኽ ዓብዱልቃድር ከቢረ ዝተቐትሉሉ ምስ በዓል ፊተውራሪ ኣበራ መሓመድ ሓጎስ ተኣኪቦም ንምብጻሕ ሰነድ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ወኪሎም ካብ ዝለኣኹ ላዕላዋይ ሽማግለ እዮም።*

*እዚን ንምልላይ ዶክቶር ያሲን ኣበራ ጠቒሰ ኣብታ ኣርእስቲ ዓንቀጽ ኮይና ክትጅምር ዝመደብኩዋ ጽሕፍተይ ክኣቱ።*

*ዶክቶር ያሲን ኣበራ ተቐቲሎም*
*ስለምንታይ ከ ተቐቲሎም?*

*መወዳእታ ጥሪ (January) 1991 ኣብ ኣፍደገ ናጽነት ኤርትራ ዝተበጽሐ እዋን እዮም ንገዝኦም እናኸዱ ተቐቲሎም። ቀተልቶም ከኣ ሃገር ዝቐበጹ ዓሳክር ደርግ ዘይኮኑ ዓሳክር እቶም ብጉልባብ ናጽነት ኤርትራዊ መንነት ከጽንቱ ዝዓጠቑ እክብካብ ሸፋቱ ሎሚ ብህግደፍ ዝፍለጡ እዮም።*

*እቲ መቕተልቲ!*

*ብጉልባብ ጃሱስነት (ሓሳዊ) ናይ ስርዓት ደርግ ክጉልብብዎ ስለ ዝደለዩ ጠቐርቲ ሸፋቱ ኾይኖም እምበር ዶክቶር ያሲን ሕቡን ኤርትራዊ ብኤርትራዊ እምነቶም ነቕ ዘይብሉ ኣብ መሰረት ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝተጨረሓሉ ዘገስገሰሉ ዘበገሰሉ ስድራቤትን ገዛን ተወሊዶም ዝዓበዩ መን ምኻኖም እቶም ዘርከብናሎምን ዝፈለጥናዮምን ዓውን ግትርን ኢልና እንምስክረሎም እዮም። “ኣለና እወ ናይ ብሓቂ ኣለና”*

*ኣብ ዘመነ ብረታዊ ቃልሲ!*

*ኣብ ኤርትራ ኣሽንኳይዶ ምሁር ኣብ ዝለዓለ ጸፍሒታት ትካላት መንግስቲ ዝሰርሕ እሞ ንቃልሲ ኤርትራ ዓንቃፊ ክበሃል፣ ዓርኪ ዓስከር ኢትዮጵያ ኢኻ ተባሂሎም ዕለታዊ ተዛሕዚሖም እዮም እሞ ዶክቶር ያሲን ዕስኩር ስርዓት ኢትዮጵያ ነይሮም እንተዝኾኑ እንታይ ንሰላሳ ዓመት ዝኸውን እዋን ንምቕታሎም ኣጸበየ?*

*<u>"ንየኦም እትቐትል ጥይት እትስርሓሉ ፋብሪካ ስለ ዝደንነየ ደዩ?</u>*

*ዶክቶር ያሲን ኣበራ፣*

*ብጉዳይ መሰል ብሄርነት ጀበርቲ ካብ ዘመነ ሃይለስላሴ ኣትሒዞም ዝተኻትዑ ዝተጣበቑ ክሳዕ መጽሓፍ ዝጸሓፉ እዮም። ብስርዓታት ኢትዮጵያን ዕሱባቶምን ብዙሕ ግዜ ተግሳጽ ስምዕታ ዝወሰዱ ብጽንዓቶም ከኣ ክሳዶም ዘየውረዱ እዮም።*

*ኣብቲ እዋን መቕተልቶም ግን፣*

*ብጭቡጥ ምስክርነት ዝገለጽ፣ ወትሃደራዊ ስርዓት ደርግ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ትኹን ናይ ኢትዮጵያ ኮረሻኡ ቀቢጹ ናበይ ገጹ ከም ዝሃድም ይሕንጽጽ ኣብ ዝነበረሉ ሰራዊት ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ዓማጽስ ንሶን ኣሎና፣ ብኸመይ ከ ምሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ (ሰብዓ ብሄራት) ከነመሓድሮ ተሓሪሙዎ ዝነበረ መሰሉ ወሳኒ ክኸውን ንመኸሮ ነዘክሮ ዝዓለመ ኣኼባታት- ጉባኤታት እናገበሩ፣ እክብካብ ሸፋቱ ናይ ሎሚ ህግደፍ ከኣ እቲ ናጽነት ይኹሕኩሕ ኣሎ ህዝቢ ዋና እየ ከይብለና ብኸመይ ንከላኸሎ ኩሉ እቲ ንሸፍትነቶም ዘጥዕምን ዘጣጥሕን ሕንጻጻት ይሕንጽጹ ነይሮም።*

*መደቦም ኣብ ምዕማም ከኣ፣*

*ኣብ ሜዳ (በረኻ) ዘለውስ ብቐይድና እቶም ኣብ ከተማታት ዝጸንሑና ብሕልፊ ብሕልፊ ናይ ነዊሕ እዋን ሰብ ታሪኽን ምሁራትን ንዓመጽና ዓገብ ከይብሉና ኣብ ዝዓለመ ቶንኮል ካብ ቅድሚ ሽድሽተ ወርሒ ናጽነት እዮም ንመን ይቐትሉ ንመንከ ይድህሉ መዝገቦም ከፊቶም እሞ <u>ንዶክቶር ያሲን</u> ክቐትልዎ መደቦም፣ ብክልተ ማለት ብኣድራጋ መልሲ ንኽምልሹ ዝተጣበብዎ እዩ።*

*ንሱ ኸኣ!*

***<u>"ዝሰምየም ዝኣምኖም እንተረኸቡ ሰላያይ ነይሩ ክብሉ፣ እሕሕ ሓሶት ዝብሎም እንተረኸቡ ኸኣ እታ ካብ ውሉድ ወለድኡ ጽንዓት ኤርትራውነትን ንመሰል ተጣባቕነትን ዘኪሮም ወዮ መቕተልቲ ንወታሃደራዊ ስርዓት ደርግ ኢትዮጵያ ከላግቡሉ ስለ ዝዓለሙ እዩ።</u>***

*እክብካብ ሸፋቱ ህግደፍ*

*ዓላማኦም ንምጽናት ኤርትራዊ መንነት ከም ዝኾነን ከም ዝነበረን ብብዙሕ መለክዒታት ሓቢሮምና እዮም። ተገሪህና ዲና ዓሺና ፈሪህና ዲና ሰሲዕና ግን ንእቲ ጠላም መስርሓቶም ኣብ ክንዲ ንምክቶ ወይ ትም ሕትም ወይ ከኣ ኣብ ምምኽናይን ኣብ ገዛኻ ተሓቢእካ ኣሕ ኢልካ ምብካይን ደው በል ዘስምዖ ንእሽቶ ውሕታ እውን ኣየስማዕናዩምን።*

*ገለ ካብ ግፍዕታት!*

*ኣብ ልዕሊ <u>ናህዳ</u> ኤርትራ*

*ኤርትራውያን <u>ናህዳ</u> ኤርትራ እቲ ኣብ ዘመነ ባዕዳዊ ዝተሓረሞም መሰላት ሎምስ ሃገር ናጻ እያ እቲ ዝቐውም መንግስቲ መንግስትና እዩ ኢሎም ተኣማሚኖም ብሰንኪ ዕጹች ባዕዳዊ መንግስቲ ኣብ ስደት ዝነበሩ ዝነበሩ መሰሎም መሰል መንነቶም ክሓቱ ንኣስመራ ስለስተ ሽማግለ ልኢኾም (ብ1994) መልሲ ዝረኸብዎ?*

***"ብዘይ ኢ ብዘይ ኣ ሰለስተ ዓመት ማእሰርቲ"***

*ጽንዓት <u>ናህዳ</u> ኣዳዕዲዑ ስለ ዝፈልጥ ከኣ ኣሕዋቶም ደቂ መንነቶም ከይለዓዓሉ ኣብ ኣኸርያን ዕዳጋ ዓርብን ገዛ ብርሃኑን ዝርከቡ <u>ናህዳ</u> ጀበርቲ 250 ክልተ ሚእትን ሓምሳን ዝኾኑ ደርሆ ከይነቀወት ወጋሕታ ከካብ መደቀሲኦም ጨውዮም ወሲዶሞም ዳርጋ 17 ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ኮይኑ ኣበይ ከም ዝኣተው ክሳዕ ሕጂ ኣይተፈልጠን። እክብካብ ሸፋቱ ህግደፍሲ ንዕላማኦም ገይሮሙዎ ውድባት ሰልፍታት ሲቪላዊ ማሕበራት ብዛዕባ እዚ ጽንተት እዚ ክሓታ፣ ኸካትዓ ኣብ ቃልዕ ከውጽእ ተሰሚዒን ኣይፈልጠን እሞ እዚስ ኣይተሓሳስበንዶ? ኣየቃሓሕርንዶ? ኣያ ዘይብለይ ረኺቡኒ ኣብ ዱር……. እንታይ እሞ ክገብር ኢላ ቆዚማ ሓንቲ ግፍዒ ዝረኸበት ጓል ሄዋን ይዝንተው እሞ፣ እዞም ተጨውዮም ኣበይ ከም ዝኣትው ዘይተፈልጡን ዘይተሓተተሎምን ዘይተነግረሎምን ከም ንፋስ በኒኖም ክተርፍ ኤርትራውያን ሙውቕ ደም ስድራቤቶም ንሃገር ዘበርከቱ ኣይኮኑንዶ?*

መራሕቲ ተኣሲሮም ዒራዒሮ ሰፊሮም ተቐቲሎም ኢልካ ዓመት ዓመት ከም መዘከር 18 መስከረም ይዝከር እዩ። ብዛዕባ እዞም ናህዳ ጀበርቲ ዘይምልዓል ግን እንታይ ወይ ስለምንታይ ዘየተሓሳስብ ኣይኮነን።

ክኒኡ ኸ!

ነቲ ጽንተት ኤርትራውያን ዝዓለመ መደብ ሸፋቱ ህግደፍ ንምርግጋጽ ክቡር ደምና ዘፍሰስናሉ ጽኑዕ ኣዕጽምትና ዝኸስከስናሉ ልዑላዊት ሃገር ኣሉ ኢሎም ብሕታዊት ትካሎም ክገብርዋ መደቦም ብምቕጻል ልዕሊ 70 (ሰብዓ) ዓመት መዘከር ታሪኻውያን ኣቦታት ኤርትራ ፊተውራሪ ዓሊ በኺት ሕመድ፣ ደጊያት ሓሰን ዓሊ ኣብ ዘመነ መግዛእቲ ባዕዳውያን ኢጣልያ ንክብረ ስም ደቀባት ኤርትራ መዘከሪን ምስክርን ተባሂሉ ዝተመረቐ ብእንግሊዛውያን ይኹኑ ስርዓት ኢምበራጦርያ ሃይለስላሴ ይኹን ወታሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ደርግ ዘይተተንከፈ ዘይተነቕፈ ኤርትራውያን ኢና ዝብሉ ኣብ ኣኽራናት ሳሕል ቦቚሎም ዝተንኩሉ ጋሕማጣት ዓዋሉ ካብ ንመዋእል ዝነበሮ ተነቒሉ ክድምሰስሲ ንኹልና ብሕልፊ ኣብ ከበሳ እንፍጠር ኤርትራውያን ስኽፍ ኣይብለናንዶ? ኣስማት ብዓል መንከ ከይተተንከፈ ተሪፉ ኣሎ? መን እዮም መን ዝሸለሞም ወይ ጎደና ዝሃቦም?

ኩሉ እቲ ድፍረታት፣

ናበይ ይዕልም ናበይከ ኣጸልሚቱ ህልም ኩብል ስለ ዝተደልየን ዝዓለመን እዩ?

ከበሳ ኤርትራ!

ብሂረ ትግርና በቦታኦም ኣኣውራጃኦም ድኣ ይሃልዎም እምበር ንኤርትራውያ መለለይት ኮይና ካብ ዘመነ ባዕዲ ተሰክፍን! ተሕምምን ኣውራጃ ሓማሴን እያ፣ ሓማሴን ክብሉ እንክለው ኤርትራውያን ይብሉ ምህላዎም ስለዘስምዖም ህላዌ እታ ስም ስክፍታ ስለትኾኖም ካብ ዘመን ብዓል ሃይለስላሴ ኣትሒዝካ ብኸመይ ነታ ስም ተጥፍእ ዘይተሓለነ ቶንኮል ኣይነበረን። ኩሉ ፈተነታት ስለ ዝፋሸለ ኸኣ፣ ካብ ኣኽራናት ሳሕል ተጸሚቑ ተደቚቑ ዝመጸ ቶንኮል ዱብ ብምባል፣ ከምቲ ኣብ ዘመነ ሃይለስላሴ ካብ ጋንታታት ስጋርት ኩዕሶ ነተን ጋንታታት ሓማሴን፣ ኣከለጉዛይ፣ ሰራየ፣ ኣስማት ለውጣ ተባሂለን ዝተኣዘዛ እዚኦም ከኣ፣ እዚ ኹሉ ዓመታት ዘመነ ገድሊ ነቲ ብበዓል ሃይለስላሴ ዝተወሰደ ስጉምቲ ይቃወሙዎ ከም ዘይነበሩ፣ ናጽነት ኤርትራ ተኣዊጁ ኣብ ንቡር ኣስማት ኣውራጃታት ኣብ ክንዲ ዝመልሱ ቋንቋኛ ለዊጦም ነቲ ሓሶት ብዓል ሃይለስላሴ ኣርጎዶም ኣዘፍጢጦም ስም ኣውራጃታትና ኣብ ምድምሳስ ሓንጢጦም።

ነዚ ከይስትብሃል ከኣ እዩ፣

እቲ ክቡር ጎደናታት ታሪኻውያን ኣቦታትና ደቀባት ደቂ ኣውራጃ ሓማሴን ኤርትራ ፊተውራሪ ዓሊ በኺት ሕመድን፣ ደጊያት ሓሰን ዓሊን ኣብ ምድምሳስ ተጓይዮም።

ኩሉ እዚ ናበይ ዝኣመተን ዝጨመተን ምኻኑ ዘንጊናዮ ዲና? እናፈለጥና ፈሪህና ኣስቂጥና ዲና? ዝኾነ ይኹን እንታይ ገደስና ኢልና ዲና?

ብምሉእ ዓለም

ጀጋኑ ሰብ ቅያ ሃገሮም ህዝቦም ኣሕሊፎም ዘይህቡ ኣይተጸዋዕናን ዲና? እቲ ጸዋዒት ኣይብጸሓናን ድዩ?

እስኪ ምልስ ክብል ክዝክር?

እቲ ብሕንክሊታት ቶንኮላት ባዕዳውያን ንኤርትራውያን መቓቒልካ ነቓዕ ከፊትካ ምሕቃቕ ውጥን ብፈደረሽን ውዲት ኣብ ትሕቲ ዘውዲ ኢትዮጵያ ክንነብር ምስ ተወሰነ፣ እቲ ውሳኔ እቲ ንምንብባጥና ምግባትና ከም ዝኾነ መጀመርያ ደወል ጸዋዒት ኤርትራውያን ኣይንገራህ! ሃገርና ከይትውረር! ንጠመር! ኤርትራ ወይ ሞት ንበል! ኢሎም ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ኣደ ማሕበር ሸውዓተ ዝተኸሉ ዘንቀሳቐሱ መን ድዮም?

*ሰለምንታይ?*

*እዚ ሓቂ እዚ ይርሳዕ? ተረሲዑኽ መን ይረብሕ መንከ ይውጻዕ?*

*ኣብቲ ዘመነ ፌደረሽን*

*__ብናህዳ__ (ጀበርቲ) ዝተበገሰ __ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ)__ እንተዘይብገስ ነይሩ ማሕበር ሸውዓተ ምስ ተወለደዶ ነይሩ? በሉ ደጊም ይኣክል ኤርትራ ወይ ሞት ኢልና ብትና ነልዕል ምስ ተባህለዶ ነይሩ?*

*__ዘዋለደካ ዝወለዳካ ሓዲግካ ረሲዕካ ምስ ዘሻፈተከ?__*

*__ናህዳ ኤርትራ!__*

*ኤርትራውያን ድዮም ኣይኮኑን?*
*ብጽሒቶም መሰል ክሓቱ ይኽእሉዶ ኣይክእሉን?*

*ክቡራት ክቡራን!*

*ቅድሚ ነዛ ክፋል እዚ ዓጽየ ኣብ እትቕጽል ክፋል እንታይ ንግበር? እትብል ጽሑፍቲ እንራኸብ ኩሉኹም ኣንበብተይ ርእይቶኹም ምርምርኩም ክትገብሩ እናተማሕጸንኩ፡ __ዓይኒ ሓቂ ንጽድቂ ቅልጽ ምልጽ ንስርቂ__ ምስላ ዘክሩ እሞ እታ ሓቂ ተቢዕካ ምስ እተውጽኦ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሕማም ስለ እተራግፉ ሕማምና ሰኣን ሓቂ ተቢዕና ምዝራብን ንሕሉፍ ጌጋ ኣብ ምእራም ምልዛብን እቲ ብዘልዓለም ክዝከሩ እንሕበነሎም ሰውኣንና ዝተዋህበና ሕድሪ __ንነባሪ ቅሳነት ምርግጋጽ__ ንሕሉፍ ጌጋታት ድሓን ኣይዘከር ኢልካ ምሕላፍ ንመጻኢ ወለዶ ሕሱምን ክፉእን ሃጓፍ መእተው ዘይምቅድዳው መስኮት ምግዳፍ እዩ እሞ፡ ንዓመታት ሰውራ ኤርትራ ንብሄር ኩናማ (መሰረት ኤርትራውነት) ክኸስሮም ዘብቅዖ እንታይ ስለ ዝኾነ ዘኪርና __ናህዳ__ ከይንኸስሮም ዕቱብ ጥንቃቐ ይሓተና ከም ዝኾነ ኣይንዘንግዕ __ኣበይን ሰለምንታይን ከም እንኸስሮም ርእይቶይ ንራኸብ።__*

*ይቕጽል*
*ሰናይ ቅነ*